# ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ

## ኣብ ከተማ ከለን ብድምቀት ተኽቢሩ ውዒሉ

ሎሚ ዓመት ውን ከምቲ ልሙድ ብዕለት 13.03.2010 ኣብ ከተማ ከለን ብ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን ዝተዳለወ በዓል ሽሞንተ መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኣብ ትሕቲ "ድርብ ቃልሲ ንምስዋድ ሃገራዊ መኸተ" ዝብል ቴማ ብድሙቕ ኣገባብ ተኸቢሩ ውዒሉ። ብፍላይ ሎሚ ዓመት ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣብ ንቃለሰሉ፤ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ዝዕምብበሉ፤ ትምህርትን ትሕተ ቅርጺ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ዝዓብየሉን ብኣንጻሩ ኸኣ መሰረት ዘይብሉን ኣብ ሽርሕን ሓሶትን ዝተወጠነ፤ ማኣዝኑ ዝሰሓተ እገዳ ኣብ ልዕሌና ዝተበየነሉን ኩነት ይበዓል ስለ ዘሎ ዜግነታዊ ሓላፍነትና ዘሰክመናን ቃልስናን መኸተናን ብዝያዳ ንከነሐድስ ንመባጻዓሉን በዓል እዩ ነይሩ።

ኣብዚ ዕለት'ዚ ኣደ መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ.ከለን ወይዘሮ ቁዱሳን ገብረእግዚኣብሄር ንኹሎም ተሳተፍቲ በዓል እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ እቲ ብዓል ብሃገራዊ መዝሙር ናይቶም ኣብ ትሕቲ ማሕበረ ኮም ከለንን ከባቢኣን ዝእለዩ ተምሃሮን ሕጻናት ተሳተፍቲ በዓልን ዝተሰነየ ዝኽሪ ሰማእታት ተኸፊቱ።

ብድሕርዚ ብዛዕባ ቃልሲ ደቀንስትዮ በጺሖዎ ዘሎ ምዕባለን ብድሕሪ ሕጂ ዝጸበዮ ዘሎ ዕማምን ከምኡ'ውን ብተወሳኺ ቃልሲ ደቀንስትዮ ጅግንነት ተወፋይነት ጽንዓት ዝሕላገቱ ቃልሲ ከም ዝኾነን ብዘይ ደቀንስትዮ ኣብቲ እንደልዮ ምዕራፍ ክንበጽሕ ከም ዘይከኣል ኣደ መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን ወይዘሮ ቁዱሳን ገብረእግዚኣብሄር ገሊጻ።

ሰዒቡ ድማ ሓላፊ ቆንሰላዊ ጉዳያት ኣብ ፍራንክፍርት ኣቶ ዮውሃንስ ደባስ፡ ናይ ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ናይ ዮሃና መልእኺቲን፡ ህልዊ ኩነታት ሃገርን መኸተና ኣንጻር እገዳን ተራ ደቀንስትዮ ኤርትራውያን ኣብ ጉዳይ ሃገር ዝብል መግለጺን ኣቕሪቡ።

ካብኡ ቀጺሉ ብተኻታታሊ ኣቦ መንበር ማሕበረ ኮም ከለንን ከባቢኣን ኣቶ ሓድሽ ጎይትኦም ንጽንብል በዓል ሽሞንተ መጋቢት ብምምጓስ ደቀንስትዮ ኤርትራውያን ጀጋኑን ተቓለስትን፡ ጽኑዓትን ሓላላትን ብዘይብእን ክኸይድ ዝኽእል ነገር ዋላ ሓንቲ ከም ዘየሎ፡ ብፍላይ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን ከኣ ምስ ማሕበረ ኮምና ብሓባር ብምስራሕ ዓቢ ኣበርክቶን ድፌኢትን ከም ዝገብራ ገሊጹ። ብተወሳኺ'ውን ነተን ቅድሚ ሓደ ሰሙን በዓለን ዘኽበራ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከተማ ሹፐርታለን ከባቢኣን ብስም ማሕበረ ኮም ከለን ናይ ደገፍ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።

ኣቦ መንበር ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣቶ ፍረ መለሰ ብወገኑ ጽንዓትን ተወፋይነትን መለለዪ ደቀንስትዮ ኤርትራውያን ከም ዝኾነ ድሕሪ ምግላጹ ን ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን በዓለን ዕውትን ድሙቕን ኮይኑ ንኽወጽእ ብስም ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ. ምንዮቱ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ንመንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ከለን ወኪለን፡ መንእሰያት ታሪኽ መንግስትኣብን ፌሽን ሃብተኣብን ብወገነን፡ ኣዴታትና ጽኑዓትን ጀጋኑን ስለ ዝኾና ንሕና'ውን ወረስቲ ናተን ከም ዝኾንና መጠን ኣሰረን ተኸቲልና ቃልስና ንቕድሚት ክንደፍእ ኢና ብምባል መግለጺ ኣቕረባ። ኣብዚ ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይብሉ ነገር እንተልዩ፡ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍን ካልኦት መንእሰያትን ብብዝሒ ብምክፋለን ኣብ ተፈላለየ መደባት ስራሕ ብምትሕብባርን ነቲ በዓል ኣገሪመሞ ።

ቀጺላ ፡ ኣደ መንበር ሃማደኤ ከለን ነቲ ብ ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን ዝተወፈየ ቶርታን ከምኡ ውን ብ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከተማ ሹፐርታልን ከባቢኣን ዝተወፈየ ሻምፓኝን ሕምባሻን ብስም ማሕበር ኣመስጊና።

ኣብ መደምደምታ ዕድመ ኣኽቢሮም ነቲ በዓል ንምጽንባል ካብ ምሉእ ከባቢታት ከተማ ድዝልደርፍ ፤ ሹፐርታል ፤ ቦን ፤ ክረፈልድ ፤ ሙንሸን ግላድባኽ ፤ ኦበርሃውሰን ዝመጹ ሃገራውያን ተሰተፍቲ ተኻፊልቲ በዓል ሙውቕን ዕውትን ዝኾነ በዓል ድሕሪ ምሕላፎም ኣብ ፍርቂ ለይቲ እቲ በዓል ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ
ዓወት ን ሃ.ማ.ደ.ኤ
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና
ኣይፋልን ንእገዳ

ዕለት 13. 03. 2010

ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን